<u>ካብ ሃገረ ማዲባ /ማንዴላ/</u>
<u>ሓጺር ጸብጻብ ትዕዝብትታት መገሻይ</u>

*ብሙሴ ዜና*

ብምቅዳም ሰላም ንኩሉኹም ኣብ ውሽጢን ግዳምን ትርከቡ ደለይቲ ሰላም ኤርትራውያን “ካብ ወፍሪ ሎሚ ራህዋ መጻኢ” ናብ “ራህዋ ሎሚ ራህዋ መጻኢ” ካብ “ኣይትንበር ኣንብር” ናብ “ንበር ኣንብር የሰጋግረና” እብል።

ብምቕጻል ብዛዕባ መገሻይ ናብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዕዉት ኣብ ምግባር፣ ኣብኡ ኣብ ትእምርቲ ቃልስን ነጻነትን ዝኮነት መሬት፡ ናይ ብጹዕ ተጋዳላይ ማዲባ /ማንዴላ/ ሃገር ምስ በጻሕኩ’ውን፡ ከይጋየሽ ኣቀባብላ ክቡር ጋሻ ዝተቐበልኩምኒ፡ ናይ ቃልሲ ብጾት ልባዊ ሰላምታይ ካብ ምብራቕ ኣፍሪቓ ምስቲ ረዚን ክብርታቱ ብዘይ-ምሽርራፍ ይብጻሕኩም።

ከም መእተዊ ነዚ መልእኽተይ ምስበልኩ፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ብሓፈሻ ኣብ’ቲ ገዛኢ ዲክታቶርያዊ ጉጅለ ድማ ብፍላይ ምስ መገሻይ ዝተዓዘብኩዎምን ዘዋህለልኩዎን ሓቂ ከካፍለኩም። ርግጽ’ዩ ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ትዕዝብታተይ ከካፍለኩም ክሓስብ እንከለኹ፡ ጉጅለ ህግደፍ ካብ ዝፈጸሞ ሓድሽ ነገር ሃሊዩ ኣይኮነን። ኩሉ እኩይ ተግባራት እቲ ስርዓት ሓድሽ ፍጻመ ከም ዘይኮነ ኣይዘንጋዕኩን። ዘይተሰምዐ እንበር ዘይተጻሕፈስ የለን። ግን ድማ እቲ ዝተዓዘብኩዎ ሓቂ ክጸሓፍን ክንገርን ሰብኣዊ ሕልናይ ስለዝደረኸኒ፣ ሰብ’ውን ከንብቦን ነቲ ኩውንነት ተረዲኡ ኣብ ምቅያሩ ኣበርክትኡ ክገብር ክጋደለሉን ሰለ ዘለዎ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍላተ-ዓለማት ዝርከቡ ብጾት ውን፡ ናይቶም ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዘለዉ ብጾቶም ኩነታት ክፈልጡ ስለዝህንጠዩን፣ .... ካብ ባሕሪ እቲ ሓቅን ኩነታቶምን ገለ ክብል ተበጊሰ ኣለኹ። ጸብጻበይ ንንባብ ብዝጥዕም መልክዑ ኣብ 3 ምዕራፋት ዝተመቐለ ክኸውን መሪጸለኹ። ሰናይ ንባብ!!

1.<u>ህልው ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ</u>

ኣይትተዓደሎ ኮይኑና፡ ብመስዋእትን መውጋእትን ብሉጻት ኣብ ዘውሓስናያ ኤርትራና ዜግነታዊ ክብርታትና ተዘሪዑ፡ ስደት ከም ሕማኞ ዕጫ ትዕድልቲ ኮይኑ ኣሎ። ኤርትራዊ ከም ኣብ ኩሉ ከርፋሕ ናብራ ስደት ዝሓልፎ ዘሎ፡ ናብራ ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ’ውን ኣብ መሰረታዊ ትሕዝኡን ዓይነቱን ዝተፈለየ ኣይኮነን። ካብኡ ናብኡ ግን ናይ ባዕሉ ፍሉያት ጠባያት ክህልዎ ባህርያዊ’ዩ። ኣነ’ውን ነዚ ፍሉይ ጠባያት ኤርትራዊ ስደተኛ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ክድህስሶ’የ መሪጸ።

በዚ መሰረት እቲ ዝበዝሓ ስደተኛ፡ በታ ንዜጋታታ ዝተሓረመት፡ ንወጻእተኛታትን ሓለፍቲ ህግደፍን ጥራሕ ሕዝእቲ ዝኾነት ንመዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ከየማዕደዉ /ከይተተስፈወ/፡ ናይ ኣስታት ሓደ ወርሒ ናይ እግሪ መሪር ጉዕዞን መካናይዝድ

/ተሽከርከርቲ/ ሓገዛትን ተጠቒሙ ናብ ደቡብ እፍሪቓ ብስደት ክዕቆብ ዝወሓዘ'ዩ። እቲ ሒዶት ካብ'ዚ ቁጽሪ ስደተኛ ዝወሓደ ዕሽር ድማ፡ ብናይ ዓለማዊ-ባንኪ /world bank/ ዝተረኽበ ሓገዝ ንቀዳማይን ካልኣይን ዲግሪ ዝለዓለ ትምህርቲ ናብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዝተላእኩን'ዮም። እዞም ተማሃሮ እዚኣቶም ብጀካ'ቲ ብቀለም ዝቆጸርዎ ትምህርቲ ዓለማዊ ሌላ ኣይጸንሖምን። በዚ መሰረት ድማ፡ ብዝረኸብዎ ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ዕድል ካብ ኤርትራ ወጺኦም፡ ንዓለምን ኣካይድኣን ዝተላለዩዋ፡ ንመጀመርያ ግዜ ንኤርትራ ብመንጽር ሕጂ ዘለውዎ ኩነታት ክመዝኑ ዝክኣሉ፡ ካብ'ታ ኣብ ዓለም እንከላ ነብሳ ዓጽያ ካልእ ዓለም ዝኾነት ኤርትራ ወጺኦም ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ምስ ኣተዉ'ዩ። ብኡ ንቡኡ ድማ፡ ካብ ግዱድ ዕስክርናን ጊላዊ ሂወትን ተናጊፎም ኣብ ሰላምን ፍትሕን፣ ደሞክራስን ማዕርነትን ዝሰፈና ደቡብ ኣፍሪቓ ክነብሩ ጀሚሮም ዘለዉ ስደተኛታት'ዮም። ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ድማ ኤርትራ ምስ መዛኑኣን ካልኦት ሃገራትን ዘለዋ ናይ ሰማይን ምድርን ዝኣክል ፍልልይ ንክጋሃደሎም ምቹእ ባያታ ተፈጢሩ'ዩ። በዚ ድማ ኤርትራውያን ተማሃሮ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዝረከቡዎ ናይ ትምህርቲ ዕድል፡ ንደረጃ'ቲ ግስሩጥ ምሕደራ ስርዓት ህግደፍን ሳዕቤናቱን ክፈልጡ መንቋሕቋሕታ ኮይኑዎም'ዩ።

እዞም መንእሰያት ስደተኛታት፡ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ፡ ሎሚ ብጀካ'ቲ ንቡር ናይ ስደት ምረት፡ ካብ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ዕቑባ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቓ እናሃለዉ ዘጋጥሞም ፍሹል ተጻብኦታት፡ ካልእ እግዝኣብሔር ይመስገን ነጻ'ዮም። መንቀሳቐሲ ወረቐት ዝሓቶም ይኹን መደቐሲ ፍቓድ ዝሓቶም ዲክታቶርያዊ ስርዓት የለን። እነሆ ድማ ኣብ ሃገሮም ዝተነፍጎም ናይ ምውዳብ መሰል፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ተኸቢሩሎም ክውደቡ፣ ክቃለሱ፣ ኣብ ትንሳኤ ኤርትራ ኣበርክትኦም ክገብሩ በቒዖም። ኣብ'ዚ ከይተጠቕሰ ዘይሕለፍ፡ እቲ ሙዑት ውዳቤኦም ኤ.ም.ዲ.ሰ.ም ኣብ እዋን ጭንቆምን ጸበብኦምን ክምህ ከይበለ ጸባ ዘስተዮም፣ ከይጠምዩ ዝዓንገሎም፣ ጸኒዑ ዘጽንዖም ካብ'ዚ ዘለዎ ንላዕሊ ኣብ ዘተኣማምን ሰረት ክረግጽ፡ ተቃሊሱ ዘቃልሶም፡ ጸኒዑ ናይ ጽንዓት ጽላሎም ክኸውንን ናብ'ቲ ውጥን ኩሉ ደላይ ሰላምን ራህዋን ከብጽሖም፡ ናይ ኣባላቱን ደለይቲ ሰላምን ፍትሕን ዝኮኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድሌትን ባህግን'ዩ።

እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ፡ ናብ'ቲ ዘበገሰኒ መንቐሊ ሓሳበይ ክምለስ'ሞ ትዕዝብትታተይ ከካፍለኹም። ብርግጽ ብስርዓት ህግደፍ ዝፍጸም ተጻብኦታት ኣዝዩ ብዙሕ መልክዓት ዘለዎ'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ዞም ተወዲቦም ዝቃለሱዎ ዘለዉ ሙዑታት ዜጋታት ድማ ኣዚዩ ኣዚዩ ብዙሕ ከምዝኸውን ከይተሓልመ ዝተፈትሐ ሓቂ'ዩ። በዚ መሰረት እቲ ዝሓለፈ ተጻብኦታት እቲ ስርዓት ብዙሕ ግዜ ተጻሒፉሉ ስለዝኸውን ንኡዑ ኣይክደግሞን'የ። የግዳስ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ንዘጋጠመኒ ሓድሽ ተርእዮ ንኣብነት ዝኸውን ክጠቕስ መሪጸ።

መንግስት ህግደፍ ብመሓውራቱ ኣቢሉ ነቶም ብናይ ሕክምና ስነ-ፍልጠት /Medical Science/ ቀዳማይ ዲግሪኦም ሰሪሖም ናብ ኤርትራ እንተተመሊሶም፡ ኣብ ኤርትራ ዝጽበዮም ጊላዊ ሂወት ኣብ ዓዲ ጀነራላት፡ ማለት'ውን ግራት ምሕራስን ምጽሃይን ኣብ ገዛውቲ ጀነራላት ህግደፍ ሚነዋለ ምኽንን ብምኽኑ፡ ምስቲ ዝተመሃርዎ ትምህረታዊ ስነ ምግባር /Educational Ethics/ ዝጻረር ምኳኑ ተረዲኦም ካብ ምምላስ ዝተዓቐቡ ኤርትራውያን ኣዝዮም ብዙሓት'ዮም። ስለዚ ድማ ክሳብ ፍትሕን ሕግን ስርዓት-

ደሞክራስን ምዕባለን ማእከሉ ዝገበረ መንግስቲ ሃገረ ኤርትራ ዝምስረት፣ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ክሰርሑ ንዝመረጹ ተምሃሮ፣ ኣምባሳደር ህግደፍ ናይ መስርሕ-ፍቃዶም ንከይሕደስ ዝገብሮ ዘሎ ምትንኳላትን ተጻብዖታትን ተዓዚበ። ኤርትራዊ መንግስቲ ክንሱ ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ዝገብሮ ዘሎ ተጻብዖታት ወላውን ዓቕሚ ዘይብሉ ፍሹልን ጠርቓሽን ተጻብዖ ይኹን፣ ዘሕንኽ ምኳኑ ድማ ተገንዚበ።

ካልእ ብመንጽር'ዚ ዘሐጎሰኒ ድማ፣ እቶም ተምሃሮ ናይ ባዕሎም ጠበቓታት ኣቒሞምን ተወዲቦምን ንበበይኑ መልክዓት ውዲታት እቲ ስርዓት ይቃለስዎን የፍሽልዎን ምህላዎም'ዩ። ኩሎም ኣብ ደቡብ-ኣፍሪካ ዝርከቡ ኤርትራውያን ብቀንዱ ከኣ ኤ.ም.ደ.ሰ.መ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ናይ ዝገብርዎ  ዘለው ኣበርክቶ ምስጋና ይብጻሓዮም። ነቲ ኣብ ሃገሩ ፍትሒ ዘይፈልጥ ስርዓት፣ ኣብ ዓዲ እንዳማቱ ኣብ ቤት-ፍርዲ ተኸሲሱ ክርታዕ፣ ብሕጊ ክጸዓድ ምርኣዩ፣ እቲ መስርሕ ንባዕሉ እንታይ ይመስል  ምኳኑ ምርኣይ'ውን ብዓንዳ ርእሱ ዓወት'ዩ። እዚ ድማ በቶም ምዑታት ተማሃሮ ኤርትራውያን ኣብ ደ.ኣፍሪቓ ዝተረጋገጸ ዓውት ብምኳኑ፣ ኣብ ድርሳናት ቃልሲ ናይ ባዕሉ ምዕራፍ ኣለዎ።

እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ፣ ስለምንታይ ግን ስርዓት ህግደፍ ካብ ደቡብ ኣፍሪካ ንኤርትራውያን ምህዳድ ከም ቀንዲ ዕላምኡ ሰሪዕዎ? ብእምነተይ መንግስትን ኤንባሲን ስርዓት ህግደፍ ካብ ደ.ኣፍሪቓ ክመሃርዎ ዘለዎም፣ ከም ዕዮ-ገዝኦም ክወስድዎ ዘለዎም ዓብይ ትምህርትን ጸጋታትን ኔሩ'ዩ። ብርግጽ ድማ፣ ኣብ ፖለቲካ መዳይ ኤንባሲ ህግደፍ ካብ ደቡብ ኣፍሪካ ማእለያ ዘይብሉ ናብ ኤርትራ ከተኣታትዎ ዝኽእልን ዝግብኦን ጸጋታት ኣሎ። ንኣብነት ከም ሕጊ፣ ፍትሒ፣ ኣብዝሓ ሰልፍታት፣ ደሞክራስያውን መሰረታዊ መሰላት ወዲ ሰብን ዝኣመሰሉ ብሉጻት ጸጋታት እታ ሃገር ክጥቀመሎም ምስተገብአ። ብኢኮኖሚያዊ መዳይ እንተሪእና ድማ ነጻ ዕዳጋ፣ ምዕባሌ ቱርዚም፣ ወፍሪ ሃገራዊ ርእሰማል…ወዘተ ተቐዲሖም ዘይውድኡ ሃብታም ተሞክሮታት እታ ሃገር'ዮም። ኣብ ማሓበራዊ መዳይ'ውን ተኸኣኢልካ ምንባር ኣብ መንጎ እቶም ንዘመናት ዝተጨፋጨፉ ጸለምትን ጻዓዱን ደቡብ ኣፍሪካውያን ኣጥርዮሞ ዘለው ሃገራዊ ስኒት መንፈሳዊ ቅንኢ ዝሕድር'ዩ። እዚ ናይ ደቡብ ኣፍሪቓ ውሕሉል ተመኩሮታት፣ ኤንባሲ ኤርትራ ኣጸኒዑ ናብ ኤርትራዊ ክውንነት ክልውጦ ምተገብአ። ኤንባሲ ኤርትራ ኣብ ደ.ኣፍሪቓ ብዘሎ ብልጫታት ቅዱስ-ቅንኢ ክሕድር ምተገበአ። ኤንባሲ ኤርትራን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍን ግን ነዚ ዝበቕዕ ሩሕ ኣይፈጠረሎምን። ስለ'ዚ ከኣ ከም ቀዳማይ ዕላምኡ ንጹሃት ኤርትራውያን ዜጋታት ክሃደን ጸሓይ ወጊሓ ክሳብ እትዓርብ ይጽዕት ኣሎ።

ብርግጽ'ውን፣ ርግጸኛ ኮንኻ ንምዝራብ፣ ኤንባሲ ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 7 ዓመታት ዝገበሮ ናይ ስራሓ ጸብጻብ እንተዝራኣይ /ንሱ'ውን እንዶ ናይ ስራሕ ጸብጻብ ዝፈልጥ እንተኾይኑ/፣ ክንደይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ደ.ኣፍሪቓ ኣትዮም? ብሱዳን ዲዮም ብኢትዮጵያ? ተቓወምቲ ድዮም ተደናግጽቲ? ክንደይ ንዓዲ እንግሊዝ ከይዶም? ክንደይ ከ ብሜክሲኮ ገይሮም ናብ ኣመሪካ ኣትዮም? ከመይ ጌይርካ ካብ ደቡብ ኣፍሪካ መዕርፎ ነፈርቲ ክጭወዩ ከም ዝክእሉ መጽናዕትታት ትውድብ? ….. ወዘተ ስራሕ በጋሚዶታት ዝኾነ ዕማም'ዩ ዘለዎ። እወ! እቲ ስራሕን ዕማምን ኤንባሲታት ኤርትራ ንሱ ስለዝኾነ፣  ጸብጻብ ስራሕ ኤንባሲ ኤርትራ ኣብ ደ.ኣፍሪቓ'ውን ካብ'ዚ ዝተፈለየ ኣይኮነን። እዚ'ዩ ጸብጻባቶም። መስደመም ጸብጻብ እልካ

ድማ ሱቅ! ዘሕፍር'ዩ። ወረ'ውን ዘሕንኽ። በዚ ኣጋጣሚ ነዚ ዝጠፈሸ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብኩለንተናዊ ናይ ቃልሲ መኸተ ንምግጣሙ፡ ኤ.ም.ዲ.ስ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዘካይዶ ዘሎ ሓያል ጥምጥም ክቅጽል ከም ዘለዎ'የ ዝርኢ። ምእንቲ ቀጻልነቱ ድማ፡ ነዚ ጽሑፍ ከንብብ ዕድል ዝረኸበ ደላይ ጽቡቕ ኤርትራዊ ንኤ.ም.ዲ.ሰ.ም ዝዓቕሙ ኣበርክቶ ከወፈየሎም፡ ኣብ'ዚ ተኸፊቱ ዘሎ ናይ ሕጊ መድረኽ፡ ዓማጺ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ክሰዓርን፡ ሞሳ ጻማና ጋማ ክንዓትርን ይላቦ።

2- <u>ዘጋጣመኒ ፕሮፖጋንዳ ህግደፍን ኤርትራውያ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካን</u>

ስርዓት ህግደፍ ካብ ኣማኢት ኣሽሓት ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ንላዕሊ፡ ንሓደ ዜጋ ዶብ ኤርትራ ብዝኾነ መንገዲ /ፈንጂ'ውን ረጊጹ/ ናብ ካልኣይ ሃገር ዝኸደ ከምዘገድሶ ካብ ዓይኒ ኩላትና ዝተሰወረ ሓቂ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ መረርኡን ጸገማቱን ዝገልጸሉ እንኮ ናይ ኣኼባ መድረኽ ክረክብ ተኸልኪሉ ወረ'ውን ተሓሪሙ እናሃለወ፡ ነቲ ስርዓት ተቓዊሙ ዶብ ንዝሰገረ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ እግሪ-እግሩ እናሰዓበ ክስድየ ትዕዘብ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ሓደ ኣብነት ክጠቕስ። ንካልእ ኩሉ መረዳእታታት ገዲፍና፡ ካብ'ታ "ደመኛ ጸላኢት ኤርትራ" ኢሉ ስርዓት ህግደፍ ዘቐመጣ ኢትዮጵያ /መዓስከር ስደተኛታት ሽመ-ልባ/ በለስ ቀንዕዎ ናብ ሳልሳይ ሃገር ከም በዓል ካናዳ፣ ኣመሪካ፣ ኣውስትራልያ ወዘተ... ዝተሰጋገረ ኤርትራዊ፡ ገና እግሩ ከይረገጸ ስርዓት ህግደፍ ብመንገዲ ቆንስላቱ ጌይሩ ብሕቕፎ ዕንባባ ካብ ምዕርፎ ነፈርቲ ክቕበሎ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እኻ ኣሳሓኮ ዘይብሉ ውርደተኛ ስርዓት ምዃኑ ብተደጋጋሚ ዝተረኣየ መለለዪ ተግባሩ'ዩ። እዚ ኣካይዳ እቲ ስርዓት ከም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ'ውን ይቀላቐል'ዩ። ነቶም ብዳንግኦም ናብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝኣተው መንእሰያትና፡ እንትርፎ ዝእውድዎ፣ ዝእውዶም ስለዘየለ ዝተሓሳሰቦም ኣይረኸቡን'ዮም። እንተኾነ ግን ባዕሎም መሲልዎም ገለ እንተተረባሕና ኢሎም ምናልባት ይቀርብዎ ይኾኑ ኣይሓጥይን። / ንግደ ሓቂ ግን እቲ ስርዓት ዘርብሕ ሞሳ ዝኸፍል እንተዝኸውን ካብ ስውኣትናን ስንኩላትናን ንላዕሊ ሞሳ ዝግብኦ ኣይምሃለወን/። ነቶም ተምሃሮ ግን ብወግዒ ብመንገዲ ንሱ ዝውክሎ መንግስቲ ኤርትራን ዓለማዊ-ባንክን ብዝተበጽሐ ስምምዕ ንማህደረ ትምህርቲ ዝተላእኹ ብምዃኖም፡ እቲ ኣካውንኦም ንክድንድኖም ናይ ባዕሉ ምቹእነት ፈጢሩሉ'ዩ።

በዚ መሰረት ድማ ነዛ ካርታ'ዚኣ ኩነታት ክምእምኦ እንክሎ ክመዛ ምዃኑ ምስቲ ባህርይ እቲ ስርዓት ውሁብ ነገር'ዩ። በዚ መሰረት ድማ መጀመርያ ምስ ገለ ሰበ-ስላጣናት ደቡብ ኣፍሪቓ ብምምሽጣር ንተማሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቶም ክሳብ ምስንግ ዝበጽሕ ዓቕሚ ከምዘለዎ ከፈራርሆምን ክድህሎምን ፈቲኑ'ዩ። ድሒሩ ብናይ ስለያ መርበባቱ ኣቢሉ ናይ መንግስቲ ተደናግጽቲ'ዮም ንዝበሎም ባእታታት ብምምልማል ኣብ መንጎ ተማሃሮ ሌላን-ጉሌላን ክገብር ተራእዩ። ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ ውዲት'ዚ ነቶም ተደናገጽቲ መንግስቲ ብዝብል ኣመር ንዝወጅሆም ተማሃሮ ፓስፖርቶም ክሕደስ ክገብር እንክሎ፡ ነቶም ኢንታ ዘውጽኣሎም ዜጋታት ግና ነቲ ብዜግነታዊ መሰሎም ጥራይ ክረኽብዎ ዝግባእ መሰል ክነፍጎም ተራእዩ'ዩ። ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን ድማ፡ ኩሉ ምስ ሓርበቶን ዓቕሉ ምስ ጸበቦን፡ በቲ ፍሹል ፈተነታቱ ተሃሚሉ ዝቐርቦ ምስ ስኣነን ብወግዒ ኣፉ ከፊቱ "ኣይትቓዎሙ'በር ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ክትነብሩ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንሕና ድማ ካባና ዝጥለብ ነገር ክንገብር ድልዋት ኢና" ክብል ተሰሚዑ። እዚ

ዓንቒ መልሲ'ዚ ብተግባር ናይቲ ዝጠፈሸ ስርዓት ህግደፍ ናይ ንድየትን ስዕረታቱን ደረጃ ዘርእይ'ዩ። ከመይ'ሲ ንህግደፍያውያን ካብ ብሙሉእ ርድየትን ዓቕምኻ ጸንቒቕካን ኣብ ኤርትራ ኮይንካ ካብ ተገልግሎም፡ ክልተ ካብ ሚእቲ /መሕወይ-ግብሪ/ ናብ ጅብኦም ዘእትዎ ገንዘብ'ዩ ተገድሶም።

እቲ ካብዚ ዝኸፈአ ንዴት እቲ ስርዓት ዘርእይ ጉዳይ'ውን ኣሎ። ካብ መንጎ'ቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዘጋጠመኒ ብድሆ ፖለቲካዊ ፕሮፓጋንዳ ህግደፍ ድማ፡ "እዞም ኣብ ኢትዮጵያ  ዘለው ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኖም /ከም ናይ ሶማል/ ስርዓት ህግደፍ ናይ ምልጋስ መደብ ኣለዎም" ዝብል'ዩ ነይሩ። ኣነ ክሳብ ዝርዳኣኒ ብቐረባ'ውን ምስኦም ስለ ዘለኹ ዝኾነ  ደምበ ተቓውሞ ካብ ኢትዮጵያ መበገሲኡ ዝገበረ፡ ብናይ ግዳም ሓይሊ ንኤርትራዊ ክውንነት ክቕይር ከም እስትራቴጂ ዘቐመጠ ከምዘየለ፡ ከም ኣጀንዳ'ውን ተላዒሉ ከምዘይ'ፈልጥ ኣነጺረ፡ ንሕና ንለውጢ ዝተሰለፍና ኣካላት ጥራይ ንሕበር'በር ብዝኾነ ወድዓዊ መምዘኒ ናይ'ዚ ብኹሉ መዳያቱ ኒሂሉ ዘሎ ስርዓት'ዚ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ንሓንቲ ለይቲ'ውን ከሕድሮ ከምዘይክእል ኣብ ርክባተይ ዝተመያየጥናሉ ዝተዓጋገብናሉን ኣርእስቲ'ዩ ነይሩ።

ብርግጽ ኣብ'ዚ ናይ ድሕነትን ብርሰትን ኤርትራዊ ሃገራውነት ኣብ ንርከበሉ ዘለና ፈታኒ ህሞት'ዚ፡ ምስ ኩሉ እንተታቱ ንኢትዮጵያ ከም መበገሲ  ባይታ ንቃለሲ ምጥቃም ኣበሳ ከም ዘይብሉ ኩሉ ዝረዳድኣሉ ነጥበ-ስምምዕ'ዩ። እዚ ክውንነት'ዚ፡ ነቲ ኣብ ባጎኒ ኣርሓ-ህግደፍ ዝመርሓ ዘሎ ባቡር ዝተወጠሐ ዕሱብ ጥራይ ዘይውሓጠሉ ክኸውን ባህርያዊ'ዩ። እቲ ምንታይ'ሲ ቀንዲ ዕላማ ዘዋሪ ባቡርን ቆረጽቲ ትኬትን ነቲ ንመግዛእቶም ዝሓንገደ ቃልሲ ውጽዑ ህዝቢ ኤርትራን ዝሓሰሞ ሓፋሽን ንምድኻም እንተኮይኑሎም ድማ ንምብርዓኑ ኮነ ኢልካ ዝምስራሕ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ስለ ዘገድሶም፡ ብዓስቡ ስለዝዕንገሉን ካብኦም ካብ'ዚ ወጻኢ ኣይንጽበይን። ካብ'ዚ ወጻኢ ንስለ ሓቒ፡ ብዝኾነ መምዘኒ /መዕየሪ/ ነቶም ብፍላጥን ብዘይ-ፍላጥን ዝጸመምኩም ደቒ-መዛሙርቲ ህግደፍ፡ ኢትዮጵያ ትኹን ካልእ መዳውብቲ ሃገር ንህግደፋውያን ገነት ንተቓውምቲ ውድባት ኤርትራ ድማ ጋሃነም እትኾነሉ ስነ ሞጎት ኣይርዳኣንን። ኢትዮጵያ ከም ሎሚ ከይኾነ ንርእሰ-ኣርሓ ህግደፍ፡ ካልኤይቲ ሃገሩ'ያ ኔራ። ስለ'ዚ ድማ ኢዩ "ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዶብ ትርጉም ናብ ዘይብሉ ክልቲኣዊ ዝምድናታት ሃኒጽና ኣሎና" ክብል ኣብ ኣደባባይ ዝተጃህረ። ሎሚ እቲ ኣቐዲሙ ከይጠወቐዎ ዝተጃህረ መልሓስ ኢሳያስ ተሓይኹ፡ "ኢትዮጵያ ደመኛ ጸላኢትና ኢያ" ክብል ግዜ ኣይወሰደሉን። እታ ሕንኺ ዘይተፈጥረላ መልሓስ ኢሳያስ፡ ንዝቀደመ ናይ ኣደባባይ ቃላ ክትኸሕድ ኣይገርመንን'ዩ። ክሕደት መፈጠራ ስለዝኾነ። እቲ ዝገርመኒ ነዛ ኣብ ዝወዓለቶ ዘይትሓድር መልሓስ ኢሳያስ ኣሚኖም፡ ነቲ እንዶ ዘይብሉ ቃላ ዝደግሙ ዕሱባት ምስዘጋጥሙኒ'ዩ። ኣብ ክንድኦም ኣነ ይሓፍር። ከመይሲ "ዓሻ ጽቡቕ ኣሎ...ዘመድ ዓሻ ግን ከፊእዎ ኣሎ" ስለዝኾነ እቲ ነገር።

ብናተይ ዕግበት፡ ኢትዮጵያ ጸላኢት ኤርትራ እንተትኸውን፡ ስለምንታይ ድኣ ካብ 1991-1997 ህግደፍ ኣብ ኢትዮጵያ ከውደኽድኽ እንከሎ እዚ ናይ ሎሚ ስጊንጥር ኣታሓሳስባ ዘይተላዕለ? ኢትዮጵያ ሸዑ ፈታዊት ሎሚ ጸላኢት እትኾነሉ ስነሞጎት እንታይ'ዩ? ብተመሳሳሊ ንእግረ-መንገደይ ሓደ ዛዕባ'ውን ወስ ከብል። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እታ ብዓይኒ ህግደፍ "ሃገረ መነሃርያ ጅሃድ" ዝነበረት ሱዳን፡ ፌስቲቫል መበል 16 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ክትእንግድ ሪኢና። ህግደፍ ንሃገረ ሱዳን "ኣኽረርቲ፣ጃሃድ፣..." ምባል

ገዲፉ፡ ምስ ሱዳን ብሓባር ምስራሕ ምስ ጀመረ፡ ሽዑ-ንሽዑ 90 ዲግሪ ተጠዊና፡ “ሱዳን ቀደም ጀሃድ፡ ሎሚ ዘይትጓዳእ ሰለማዊት ሃገር” ክንብል ኣይሕፍረናን ዶ? ሰብ-ጥዑይ ኣእምሮስ ምሓነኸ። ክሳብ መዓስዩ’ኸ ህግደፍ ክፈቱ እንክሎ፡ ክንፈቱ፣ ህግደፍ ክጸልእ እንክሎ ድማ ክንጸልእ፡…….. ብናቱ ርእሲ ክንሓስብ’ሲ ዓገብ ኣሕዋት!

ብጀካ’ዚ ኣብ መገሻይ ዘጋጠመኒ፡ ኩነታት ዶቡ’ውን ካልእ ዘዛርብ ኣርእስቲ’ዩ ነይሩ። ብርግጽ ኩነታት ዶብ ክለዓል እንክሎ፡ እታ ጉጅለ ኢሳያስ ዘንበድብዳ ዘሎ ባድመ ምኻና ከይተሓልመ ዝተፈትሐ ጉዳይ’ዩ። ጉዳይ ባድመ ግን፡ ንጉጅለ ኢሳያስ እንተዘይኮይኑ፡ /ድሕር’ቲ ብይን ኮምሽን ዶብ/ ነቲ ግዳይ ባድመ ዝነበረ ኤርትራዊ ፋይሉ ዝተዓጸወ ዛዕባ’ዩ ኮይኑ። ምኽንያቱ ብኣህጉራዊ ዳንነት ዝተዋሃበ ብይን፡ ኣብ ዝኮነ ጊዜ ዘይልወጥን ቀያዲን ኣፈጻጽምኡ ንዝምልከት ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ  ኣብ መኣዲ ክፉት ዘተ ክውዳእ ዝንበሮ’ዩ። ጉጅለ ኢሳያስ ግን ነዚ ዓይነት ኣፈታትሐ ግርጭት ብናይ ባዕሉ ምኽንያት ክቅበሎ ኣደለየን። ጉዳይ ዶብ ኣብ ቅድሚ’ቲ ግዳይ ኲናት ባድመ ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ውዱእ’ዩ። ስለዚ ድማ ኣጀንዳ ባድመ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣገዳስነቱ ንስርዓት ህግደፍ ጥራይ’ዩ። ነቲ ብስም ባድመ ግዳይ ኲናት-ባድመ ዝኾነ፣ ወርቁን ጩርቁን ሸይጡ ዳር-ትርኢቱ ዝረኣየ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ሎሚ ኣጀንድኡ ተቀይሩ’ዩ። ህልው ኣጀንዳ እዚ መንእሰይ’ዚ፡ ሰላም ዝዓሰሎ ሃዋሁ ተፈጢሩሉ፡ ተማሂሩ ክዓቢ፣ ሰሪሑ ሂወቱ ክቕይር፣ ንዝጥወሩ ወለዱን ዝናበዩ ስድርኡን ክኣሊ’ዩ ምርጭኡ። ምእንቲ ነዚ ጥሙሓቱ ከርዊ ድማ፡ ንባድመ ረጊጹ፣ ጉጅለ ኢሳያስ ንዘበድብዶ ዶብን በይናዊ ኣጀንድኡን ነጺጉ፣ ንጉዳይ ባድመ ንድሕሪት ገዲፉ፡ ብባድመ ኣቢሉ ካብ ኤርትራ ዝሃድም ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ’ዩ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ መገሻይ ዝገጠመኒ ናይ ህግደፍ ፕሮፓጋንዳዊ ጸለመ፡ ኣብ መንጎ’ቶም መንእስያት ብዝገበርናዮ ክፉትን ደሞክራያውን ክትዓትን ምርድዳእትን በዚ መዳ’ዩ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ በጺሕናሉ።

ሲዒቡ ዝመጽ እንበኣር፡ ጉዳይ ዶብ ንኤርትራዊ እዋናዊ ግድላት ኣብ ምፍታሕ ዓንቓጺ ተራ ኣለዎ’ዶ? ዝብል ሕቶ’ዩ። እዚ’ውን “ጉዳይ ዶብ መቕድም ቅዋም፣ ደሞክራስያዊ ስርዓትን ልዕልና ሕግን’ዩ” ዝብል ዘሎ ስርዓት ህግደፍ፡ ካበየናይ ባይታ ይብገስ ምህላዉ ተመያይጥና። በዚ መሰረት ድማ፡ ስርዓት ህግደፍ ንጉዳይ ዶብ ቅድሚ ኩሉ ዕማማቱ ዝውጥጦ ዘሎን ዘይሚዛኑ ብምሃብ ዘተዓባብዮ ዘሎን ካብቲ ኣቀዲሙ ዝተጠቕሰ በይናዊ ሕቡእ ኣጀንድኡ ስለዝነቅል ምኻኑ ርኢና።

ብርግጽ ድማ ቅድሚ ግርጭታት ዶብ፡ ቅዋምን ደሞክራስያዊ ስርዓትን ተዘቐድም ኔይሩ፡ ካብ’ዚ ንሃገረ-ኤርትራ ሕዝእቲ ወትሃደራዊ ካንቦን ወትሃደራዊ ስርዓትን ገይሩዋ ዘሎ ባርባራዊ ስርዓት፡ ብኩለንተንኡ ዝሓሸ፣ ኣብዝሓ ህዝቢ ብዝመረጾ ውድብ ዝተወከለ፣ ሕጋውን ደሞክራስያውን መንግስቲ ምቆመ’ሞ፡ ነዚ ጉዳይ ናይ ዶብ ብዝሓሸን ብዝበለጸን ዝጸፈፈን መንገዲ ምኣለዮ ነይሩ ይኸውን። ዜጋታትና ከኣ ኣብ ክንዲ ኣብ ውትህድርና ዓስኪሮም ባሮት ጀነራላት ዝኾኑ፡ ሰሪሑም ዝነብሩ ሓራ ዜጋታት ምኾኑ ኔሮም። እቲ ጠንቂ ናይ ኩሉ ሽግራትና’በኣር፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ እዋናዊ ኣጀንዳታትና ኣብ ኢድ ስርዓት ህግደፍ ብምውዳቆምን ናቱ ኢደ-በይዛ ብምኳኖምን’ዩ።

ስለዚ ድማ ኣወጋግና ዶባዊ ወጥሪ፡ ኣብ ኤርትራ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ምዕባለን ተሳትፎ ዜጋታትናን ንምርግጋጽ ዓኒቓጺ ኣይምኮነን ኔሩ። እኳ ድኣ ህላወ እዞም መሰረታዊ

ረቋሒታት ንሓያል ውሽጣዊ ሃገራዊ ሓድነትና ኣብ ዘተኣማምን ብርኺ ክድኾን መሰረት ምኾኖሞ'ሞ፡ ኣብ ቅድሚ ዓለምን ዲፕሎማስያዊ ዓውድታቱን ዘይስገሩ እንባታት ምኻንና ኔርና። ከም ውጽኢት'ቲ ውሽጣዊ ሓድነትናን ደሞክራሲያውነትናን ድማ፡ ንጎነጻዊ ኣፈታትሓ ሽግራት ዝነጽግ፡ ሰላማዊ ፍታሕ ዘቐድም ምዕቡል ባህሊ ምሃነጽና። በዚ ቅኑዕ ናይ ስነ-ሞጎት መዓየሪ'ዚ ወጥሪ ዶብ ባድመ ቅድሚ ሃገራዊ ዕዮታትና ክስራዕ ዘይብሉን ዘይነበሮን ጉዳይ'ዩ። ብተሞኩሮ'ውን ካባና ዘይተፈለየ ግን ድማ ብዝሓሸ ርግኣትን ምስትውዓልን ዝተዓደሉ ሃገራትን መራሕቶምን፡ ብሓላፍነት ዝተታሕዙ ዶባዊ ጎንጽታት ኣፍሪቓ ኣለዉ። ንሕና ካብኦም ክንመሃሮ ዝግባእ ኣዝዩ ምዕቡል ባህልን ኣሰራርዓ ቀዳምነታትን'ውን ኣሎ። እዘን ሃገራት'ዚኣተን ጉዳያተን ኣብ መጋብኣያ ሕቡራት ሃገራት ተታሒዝሎን ዘሎ፡ ህዝበን ካብ ኤርትራ ብዝሓሸ ብሰላም ሰሪሑ ዝነብር፡ ዝሕሾ መሪጹን ተመሪጹን ዝመሓደር ብዘይ ምዩቕታ ኣብ ዝማእመአ ተንቀሳቐሱ ዝኣትወለንን ዝወጻለንን ሃገራት እየን። ከም ኣብነት ካብ ኣህጉር ኣፍሪቓ ከይወጻእና፡ ቻድ ምስ ሊብያ፣ ናይጀርያ ምስ ንጀር፣ ኣብነታውያን ሃገራት ንረክብ። እዘን ሃገራት ምስ ኤርትራ ብባህርኡ ተመሳሳልነት ዘለዎ ሽግራት ዶብ ዝተተፋነና ሃገራት ክንሰን፡ ውሽጣዊ ዋኒናተን ግን ኣየወንዘፋን። ካብዘን ሃገራት እዚኣተን ክንመሃር እንተድኣ ክፉት ልብን ሕልናን ሃሊዩና፡ ወርቃዊ ተሞክሮአን ክንኸሰበሉ ምተገብአ። ከም ዓሰቡ ድማ ንህግደፋዊ ፕሮፓጋንዳ ወጊድ ምበልናዮ፡ ወውራይና ምዓመምና ኔርና። ብርግጽ ድማ ክርኢ ንዝኸእል፡ እታ ምስ ኤርትራ ብዶባዊ ጎንጺ እትልለ ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነት፡ ካብ ናይ ኤርትራ ብዝሓሸ ደረጃ /ኣብ ዘቤታዊ-ዕዮታታ ኣብ ምስልሳል/ እትርከብ ሃገር ምኻና ንዝተዓዘበ፡ ዘይምኹንይ ሞጎት ስርዓት ህግደፍ ፍሹል ምኻኑ ንምርዳእ ፍሉይ ጥበብ ዝሓተሉ ኣይኮነን። ስለ'ዚ እዚ ዝጠፈሸ ሸቐጥ ህግደፍ'ሲ ንባዕላቶም ድኣ የተዓጋግቦም ይኸውን እንበር፡ ኣብ ቅድሚ ሓቕስ ዝባኑ ዝተቐልዐ ሓሶት'ዩ።

3- <u>ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍርቓን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን</u>

ከምቲ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ዘለው ውድባትን ደለይቲ ሰላም ኤርትራውያንን ዝጽበዩዎ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዘለው ኣሕዋትና'ውን ካብ ተቃወምቲ ውድባት ኤርትራ ትጽቢቶም ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። ብተጸባይነት ኣእዳዎም ኣጣሚሮም ዘማዕድዉ፡ ብትጽቢታት ለውጢ ዘምባህቑ ጥራይ ዘይኮኑስ እጃሞም ንምብርካት'ውን ቁሩብነቶም ኣብ ምርግጋጽ ኣይሰነፉን። በብዘለውዎ ድማ ኩለንተናዊ ዓቕሞም ከይበቐቁ ኣብ ምድጋፍን ንቁልጡፍ ለውጢ ብምድራኽ ዝኣኸሎም ካብ ምብርካት ዓዲ ከምዘይዋዓሉ እቲ ዛጊት ህያው ዘሎ ኣበርክቶታቶም ምስክር'ዩ። ብርግጽ ድማ ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ውዱብ ናይ ቃልሲ ዓቕምታቶም ጸሚዶም፡ ጥርናፌኦም ኣደልዲሎም ይቃለሱ ምህላዎም ተዓዚበ።

ብዛዕባ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን /ኣብ ሓደ ኣካል ከሎ/ ንህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ዘተስፈዎ ጥርናፈ ከም ዝነበረን፡ ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ እፍሪቓ'ውን ኣካልቲ ካብ ኪዳን ዝትስፈው ህዝቢ ኤርትራ ምንባሮም ኣስተቢሂለ። ብወገነይ'ውን እቲ ብዙሕ ዝፈልጦ ግን ድማ ብኸንድቲ ናይ ህዝቢ ጠለባት ክስጉም ዘይጸነሐ ኪዳን፡ ካብ ህዝቢ ከም'ዚ ዓይነት ፍናን ተስፋታትን ከሕድር ምክኣሉ ንመጀመርታ ግዜ ዝመዘንኩሉ ዝተረዳእኩሉ ኣጋጣሚ'ዩ ኔሩ። ናይ እዋኑ ሃገራዊ ግድላትና ብሓባር ንምፍታሕ ካብ ዘለዎ ተረድዖ ተበጊሶም፡ ምስዚ ሓይሊ'ዚ ንምድግጋፍ ዘርአይዎ ድልውነቶም

ዝሙጎስ'ዩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ ዘይተሓሰበ ናጤባ ተረኺቡ ኣካላት ኪዳን ኣብ ክልተ ብሎካት ምግምማዑ ዝተሰመየም ጓሂ መዳርግቲ ኣይነበሮን። ብዝኮነ ንክውንነት ከምቲ ዘለዎ ካብ ምቕባል ወጻኢ ካልእ ምርጫ ስለዘየለ፡ ሕጂ'ውን በቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ከይተረበሹ ዓቕሞም ኣብ መስርዕ ለውጢ ክስለፉን ተዓጋጊብናሉ። በዚ መሰረት ድማ እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት ክእለየሉ ዝክእል ዕድላት ኣብ ምድህሳስ፡ ወይ'ውን ተጻቢቡ ክልቲኡ ሽነኻት ተኸኣኢሉ ንናይ ሓባር ዕላማ ዓቕምታቱ ዝጸምደሉ ተክእሎታት ንምንዳይ ጻዓታቶም ቀጻሉ ክኸውን ተላዚብና። ስለዚ ነዚ ኣበርክትኦም'ዚ ብዝተዓጻጸፈ ጸዓታት ከዛይዱን ኣብ ለውጢ ናይ ባዕሉ ድርኺት ክህልዎን፡ ብቀረባ ንምዕባሌታትን ህልው ኩነታትን እንዳተኸታተሉ ነቲ ቅኑዕ "ቅኑዕ" ነቲ ዓገብ ድማ "ዓገብ ገርካ" ክብሉ መድረኽ ይጠልቦም ምህላዉ ተረዳዲእና። እቲ ምንታይ'ሲ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ መድረኽ "ኩሉኹም ሓደ… ኩሉኹም ማዕረ…" ዝብል ኣበሃህላ ቦታ የብሉን። ንቃልሲ'ውን ዝሕግዝ ኣይኮነን። ኪኖ'ዚ ድማ ከምዚ ዓይነት መርገጽ ናይ ተበላጺ መርገጽ'ዩ። ብርግጽ ድማ፡ ንኩሎም ብሓደ ዓይኒ ርእዩ "ኩሉኹም ማዕረ" ዝብል ናይ ተበላጺ መረገጽ፡ ኣብ መሓዙት ውድባት፣ ሰልፍታትን፣ መንግስታትን ጥራሕ'ዩ ከም ንቡር ዲፕሎማስያዊ ኣምርን ኣካይዳን ክሰርሕ ዝክእል። ኣብቲ በዓልቤት ኤርትራዊ ኣካል ግን እዚ መርገጽ'ዚ ቦታ ይኹን ውድዓውነት የብሉን። ምክንያቱ፡ ነቲ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዩ ደጊፉ፡ ነቲ ዝኅበጠ ናይ ምዕራይ ዋኒን ናቱ ናይቲ ፍርዲ ክህብ ዝጥለብ ዘሎ ኤርትራዊ እጃም ብምኻኑ፡ ብድፍረት ንቅኑዕ " ቅኑዕ'' ንጌጋ ድማ "ዓገብ" ክብል ግድነት'ዩ። በዚ መዳይ እዚ ድማ ሓባራዊ ተረድኦታት ከነጥሪ በቒዕና። ብሽነክ እቶም ግዱሳት ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ፡ ዘልዓሉለይ ኣገዳሲ ነጥቢ ድማ፡ ንዝፍጠር ፍልልያት ከየጋፋሕካ ንሓባራዊ ዕዮታት ብሓባር ንምስልሳል ንዘሎ ተክእሎታት ብዘይሃሲ መንገዲ፡ ካብ ቅርሕንትን ጠቐነታትን ሓራ ብዝኾነ ሓላፍነታዊ መንገዲ ንዝምዕብሉ ሓደሽቲ ተርእዮታት ኣብ ቀረባ ኮይንካ ነገራት ኣብ ምክትታል ብዙሕ ክሰራሓ ከም ዘለዎ ተረዳዲእና። ብሓፈሻ ኣብ ሃገረ ማንዲባ ደቡብ ኣፍሪቓ ኣብ ዝጸናሕኩለን እዋናት፡ ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቓ ዘሰላስልዎ ዘለዉ ሃገራዊ ዕዮታትን ልዑል ጻዕርታቶምን ኣዚየ ተመሲጠ። ብመስርሕ ዘጥረይዎ ብቕዓትን ተጻዋርነትን ዓቂቦም ክሳብ'ቲ ናይ መወዳእታ ሽትኦም ክምህ ከይበሉ ክጋደሉን ጋማ ዓውት ክኣስሩን ትምኒተይ ወሰን የብሉን። ደጊመ ካብ ዘመነ "ወፍሪ /ሕሰም ማለቶም'ዮም/ ሎሚ፡ ራህዋ መጻኢ" ዝብል ስጊንጥር ጭርሖ ጉጅለ ኢሳያስ ተናጊፍና፡ ናብ'ቲ ትምኒታትና ዝኾነ ራህዋ ሎሚ ራህዋ መጻኢ የሰጋግረና እንዳበልኩ ክሳብ ብኻልእ ዝጽሕፈሉ ኣጋጣሚ ዝመጽእ ሰላም። ሰሰናዩ እምነየልኩም!!

ብሙሴ ዜና
ካብ ሃገረ ማዲባ